# መተሓሳሰቢ ናይ ሰብ ውክልና ንዝተሰከሙ ሰባት

**ናይ ሰብ ውክልና** ሓላፍነት ምስካም ማለት ኣገዳሲ ሃገራዊ ግደታ ምምላእ ማለት ኢዩ። እዚ ዘይክፈሎ ኣገልግሎት ንምሃብ ሓላፍነት ምስ እትወስድ ድማ ነቲ ሓገዝካ ዝጽበ ሰብ ዘድልዮ ዘበለ ነገራት ሓላፍነተይ ኢልካ ከተማልኣሉ ይግባእ።

ናይ ሰብ ውክልና ሓላፍነት ኣብቲ ቡርገርሊሽስ ገዘጽ ቡኽ ዝተባህለ ናይ ሕዚ መጽሓፍ (ካብ ዓንቀጽ 1773 ክሳብ ዓንቀጽ 1808 ሰፊሩ ይርከብ። እተን ንውክልና ሓላፍነት ዝምልከታ ሕግታት ኣብ ዓንቀጻት 1631a ክሳብ 1632 ሰፊረን ይርከባ። ነዘን ተጠቒሰን ዘለዋ ሕግታት ንኽተንብበን ድማ ንላበወካ።

ዝቐጽላ ነጥብታት ብዑቱብ ክንሕብረካ ንፈቱ፥

ሀ) ነቲ ንስኻ እትውክሎ ሰብን ንብረቱን ክትንከባኸብን ክትሕለቐሉን ሃላፍነትን መሰልን ኣለካ። ነዚ ሰብ ክትውክሎ ዘይትኽእለሉ ግዜ ምስ ነብስኻ ኣብ እትገብሮ ንግዳዊ ውዑል፥ ከም ኡውን ንዓኻ ወኪሎም ምስ ዝንግዱ ሰባትን፥ በዓል/ቲ ቤት፥ ሕጊ ዝፈጦ/ጣ በዓል/ቲ እንዳ ወይ ውን ናይ ቀረባ ቤተሰብካ ከም ኡውን ነቲ ሓላፍነት ዘድልዮ ጉዳይ ካልእ ሰብ ውክልና ምስ ዘወሃቦን ይኸውን።

I. እቲ ዘወሃበካ <u>ሓላፍነት</u> ነቲ ኣልይ መለይ እትብሎ ሰብ ብስነ ሰርዓት ንኽተዕብዮ፥ ኩነታቱን ሃለዋቱን ንኽትከታተል መሰልን ግደታን ዘጠቓለለ ኢዮ።

II. ንብረት ሰብ ንኽተማሓድር ዝተዋህበካ ሓላፍነት፥ ንብረቱ ብጽፈት ኣለይ መለይ ክትብልን ክትቅበልን ከም ኡውን ንመናበይኡ ዝኸውን ገንዘብ ካብ ወለዱ ክትሓትት እንተልዩካ ንኽትሓትት የገድደካ።

ነዚ ሓላፍነት ኣትስከመሉ መዓልቲ ናብ ቤት ፍርዲ ቀሪብካ እቲ ክትውክሎ ዘለካ ሰብ ንዘለዎ ንብረት ብዝርዝር ክትገልጽን እቲ እተቕርቦ ሊስታ ድማ ቅኑዕን ዝተማል ኣን ምኺኑ ከተረጋግጽ ትግደድ። እትውክሎ ሰብ ኣብ ዳሕራይ ግዜ ተወሳኺ ንብረት ምስ ዝረክብ ኣብቲ ሊስታ ከተስፍሮ ትግደድ።

ንብረት ናይ እትውክሎ ሰብ ናብ መዓላኻ ከተውዕሎ ኣይፍቀድን። ካብቲ ንብረቱ ህያብ ክትህብ ውን ኣይፍቀደካን፥ እንተድኣ ብሞራላዊን ስነ ምግባራውን ዓይኒ ዘይቅቡል ኮይኑ።

ገንዘብ ናይቲ ዘመሓድሮ ሰብ፣ ማለትነቲ ናቶም ወጻኢታት ዘድሊ ዘበለ (ኣድላዪ ዝኾነ ገንዘብ)፣ ኣብ ሓደ ናይ ተንቀሳቓሲ ገንዘብ ሕሳብ ናይቲ ዘመሓድሮ ሰብ ኣብ ሓደ ናይ ልቓሕ ባንክ ተዳልዩ ክጸንሕ ክግበር ኣለዎ። ገንዘብ ናይቲ ዘመሓድሮ ሰብ፣ እቲ ከም ኣድላይ ዝኾነ ገንዘብ ከድሊ ዘለዎ ዘይኮነ ድማ፣ ክቕመጥ ዘለዎ (መኽሰብ ዝርከቦ ምቕማጥ ገንዘብ) ገርካ፣ ማለትሲ ኣብ ሓደ ወለድ ዝርከቦ ናይ ምቕማጥ ዝበቕዕ ሕሳብ ቁጽሪ ናይቲ ዘመሓድሮ ሰብ ኣብ ሓንቲ ናይ ልቓሕ ዝውሰዳ ባንክ (መኽሰብ ዝርከቦ ሕሳብ) እዩ። እታ ዝኾነት ናይ ልቓሕ ገንዘብ ትህብ ባንክ ድማ ናይ ግድን እዩ ንሓደ ናይቲ ዝኾነ ዝተቐመጠ ገንዘብ እኹል ዝኾነ ናይ ውሕስነት ትካል ኣባል ክትከውን ኣለዋ። ንሓደ ካልእ ናይ ምቕማጥ መልክዕ ግን ፣ እታ ናይ ስድራቤት ቤት ፍርዲ ፍቓድ ክትህበሉ ኣድላዪ እዩ። ብዛዕባ ናይቲ ምምሕዳር ናይቲ ገንዘብ ዘመሓድር ሰብ ሃብቲ ድማ፣ ንስኹም ብዘይ ፍልይ ዝበለ ሓተታ ምግባት ናብታ ናይ ስድራቤት ቤት ፍርዲ ቅብሊት ኣቕርቡ ኢኹም፣ ማለትሲ፣ እንተድኣ ካልእ ነገር ዝተወሰነ ዘይኮነ ኰይኑ፣ ዓመታዊ ደንጉዩ እንተተባህለ ኣብ ውሽቲ ናይ ሓደ ወርሒ ብድሕርቲ ናይ ሕሳብ ዝግበሮ ዓመት ምስ ሓለፈ እዩ። እቲ ቅብሊት ሓደ ስሩዕ ዝኾነ ጥርናፈ ምግባር ናይ ኣታውታትን ከምኡውን ወጻኢታትን ዝሓዘ ክኸውን ኣለዎን፣ ቅብሊታት ነቶም ናይ ሓደሓደ ደብዳቤታት ምስኡ ገርካ ክቐርቡ ኣለዎም።

ንቤት ፍርዲ ብውሑዱ ሓንሳብ ኣብ ዓመት ንብረት ናይ እትውክሎ ሰብ ኣብ ከመይ ኩነታት ከምዘሎ ክትሕብር ትግደድ።

ለ) ነቲ ንስኻ ትውክሎ ሰብ ብዝምልከት ኣብ እትገብሮም ዝተፈላለዩ ንግዳዊ ውዑላት ፍቓድ ካብ ቤት ፍርዲ ክትሓትት ይግባእ፥ ብፍላይ

1. ብጽሒት እትውክሎ ሰብ ናብ ነብስኻ ከተመሓላልፍ ምስ እትደልይ

2. ንመሬት ብዝምልከት ኣብ ትገብሮም ንግዳዊ ውይ ውን ናይ ዋንነት ውዑላት፥ ንኣብነት ምዕዳግ ወይ መሸጣ ናይ መሬት ከምኡውን ነቲ መሬት ከም ትሕጃ ምትሓዝ ወይ ከኣ ካል ኦት ምስኡ ዝተሓሓዙ ሕጋዊ ጉዳያት

3. ንብረት እትውክሎ ሰብ ብሓፈሻ ወይ ከኣ ውርሻኡ ወይ ከኣ ንመጻኢ ክረኽቦ ንዝኽእሎ ሕጋዊ ብጽሒት

4. እትውክሎ ሰብ ውርሻ ወይ ከኣ ብጽሒት ክቕበል ፍቓደኛ ኣይኮንኩን ምስ ዝብል ክምኡውን ንምቅሊት ውርሻ ኣብ ዝምልከት ውዑል

5. ንግዳዊ ትካል ብዝምልከት ኣብ ዝግበር ናይ ዋንነት፥ ውርሻ፥ ምትካል ወይ ከኣ ምፍራስ ውዑል

6. ናይ ክራይ ወይ ከኣ ናይ ጤሳ ውዑል፥ ወይ ከኣ ዝኾነ ይኹን ነቲ ንስኻ ትውክሎ ሰብ ተደጋጋሚ ዝኾነ ክፍሊት ንኽገብር ዘገድ ድ ውዑል፥ እንተድኣ እቲ ንስካ ትውክሎ ሰብ ልዕሊ ዕድመ ካብ ዝኾነሉ ግዜ ጀምሩ ካብ ሓደ ዓመት ንላዕሊ ዝቕጽል ውዑል ኮይኑ

7. ውዑል ናይ ካብ ሓደ ዓመት ንላዕሊ ዝኸይድ ትምህርቲ

8. ብሽም እቲ ንስኻ ትውክሎ ሰብ ዝእተው ለቓሕ

9. ብሽም እቲ ንስኻ ትውክሎ ሰብ ዝእተው ዋሕሲ

10. ዝኾነ ይኹን ካሕሳ፥ እንተድኣ ካብ 6000 ኤውሮ ንላዕሊ ዝኸይድ ኮይኑ። (ቤት ፍርዲ ዝወሰኖ ካሕሳ መ ዝኸውን ግና ፍቓድ ምሕታት ኣየድልይን)

እዘን ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናየን ነጥብታት ነቲ ፍቓድ ዘድልዮ ጉያት ኩሉ ዝሓዘላ ኣይኮናን። ርግጸኛ ኣብዘይኮንካሉ ጉዳይ ኩሉ ንቤት ፍርዲ ክትውከስ ይግባእ። ፍቓድ ዘድልዮ ክነሱ ብዘይ ፍቓድ ዝግበር ውዑል ሕጋውነት ኣይክህልዎን እዩ። ብ ዘይ ፍቓድ ውዑል ምስትኣትው ቤት ፍርዲ ቀሪብካ ፍቓድ ክትወስድን ብድህሪኡ ድማ ነቶም መዋዓዕልትኻ ንኽተፍልጥን ትግደድ። መዋዓዕልትኻ በት ፍርዲ ከምዘፍቀደልካ ካባኻምበር ካብ ሰብ ክሰምዑ ኣይፍቀድን። እትገብሮ ውዑል መዓስ ሓበሬታ ሂብካ ሕጋውነት ተልብሶ ባዕልኻ ወስኖ። <u>ቅጥዒ ዘየማልአ</u> ፍቓድ ዘድልዮ ውዑል ሕጋውነት ዝለብስ <u>ኣቐዲምካ</u> ፍቓድ ምስትሓትት ጥራይ እዩ።

ሐ) ናትካ ወይ ከኣ ናይቲ ትውክሎ ሰብ ኣድራሻ ምስ ዝቕየር ብዘይ ውዓል ሕደር ንቤት ፍርድን ን ምምሕዳር ከተማ ክፍሊ መናእሰያትን ክትሕብር ይግባእ

መ) ስራሕካ ምቁጽጻር ሓላፍነት ናይ ቤት ፍርዲ ክኸውን ከሎ ካብ ምምሕዳር ከተማ ክፍሊ መናእሰያትን ድማ ሓገዝ ይገብረሉ፤ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ንስራሕካን ኩነታት ናይቲ ንስኻ ትውክሎ ሰብን ብዝምልከት ሓበሬታታት ንኽትህቦ ክሓተካ ይኽእል እዩ። ምምሕዳር ከተማ ክፍሊ መናእሰያትን ኣድላይ ምስ ዝኸውን ድማ ቤት ፍርዲ ንስራሕካ ብዝምልከት ሕቶ ምስ ዝህልወካ ይተሓባበሩካ።

ወኪል ናይ ሰብ ክነሱ ሓላፍነቱ ሸለል ዝብል ሰብ፥ ነቲ ኣብልዕሊ ነቲ ንሱ ዝውክሎ ሰብ ናብ ዝወርድ ጉድ ኣት ተሓታቲ ይኸውን። ብሰንኪ ሸለልትነት ክመጾካ ንዝኽእል ናይ ካሕሳ ክሲ ኢንሹራንስ ክት ኣትው ትኽእል ኢኻ ፡ ነዚ ዝምልከት ሓበረታ ድማ ካብ ቤት ፍርዲ ክትረኽቦ ትኽእል።

ሠ) ዘለካ ሓላፍነት ዝውዳእ እቲ ንስኻ እትውክሎ ሰብ ዕድሙኡ ምስ ዝ ኣክል ወይ ከኣ ንስኻ ካብ ሓላፍነትካ ምስትእለይ ይኸውን። ካብ ሓላፍነትካ ትእለይ ቅቡል ምኽንያት ምስ ዝቐርብ ወይ ከኣ ናትካ ወኪል ምኟን ነቲ ሰብ ኣብ ሽግርን ዘውድቕ ኮይኑ ምስ ዝርከብ እዩ።